ናጽነት ረኺብና ተሓጉስና
ሓርነት እንደሞ ሲኢና ካብ
ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ
በርሀ ዑቁባዝጊ ጀርመን

ኣንታ ተባዕ ህዝቢ ከመይ ኣለካ
ተሓሪሙካ ዶ መረት ዓደቦኻ
ናብ ዝደለይዎ የግዕዙኻ
ኣቅሓ ናይ ገዛ ገረሙኻ

ሕጂ ከኣ መፍተት ኣራዊት ኮንካ
ዘይትስሕቦ ጉራደኻ ኣኺልካ ድዩ ጃጂኻ
ካብዚ ሓሊፎም እንታይ ክደግሙኻ

ወዲ ኣከለ ዶኽብል ወዲ እንባሶራ
ወናኒ ጎልዶል ሃዞም ጎልዶል ዓላ
ዘፍሪ ዒልቦ ኣራንሺ ወይኒ
ስለምንታይ ጠምየትብለኒ
ሽግር ምርካብካ ገርሙኒ

ወዲ ሰራየ ዶኽብል ጎይታ ዋላ
ጣፍን ዳጉሻን ተፍሪ ንስኻ
ስለምንታይ ደኣ ዝጠመኻ
ኣቲኻ ዶ ኣብ ናይ ህግደፍ ማሕለኻ

ወዲ ሓማ ዶኽብል ወዲ ኣስመራ
ወናኒ መዓርን ድንሽን ዝያዳ ኣኽዛኻ
ካብ ገዛኻ ናበይ ወሲዶምኻ
ኣይኮነን ነዓኻ ተጽግብ ነንዝመጹኻ

ወዲ ሰንሒት ዶክብል ከረን ኣብ ማእከላ
ጎይታ ፍሩታ ዒላ በሪዒድ ወዲ ማይ ደዓሪት
ፉልካ ዘሪእካ ዕዳጋ ዘይተውርድ
ንምንታይ ኣብ ዝወሰዱኻ ትኸይድ

ወዲ ሳሕል ዶክብል ናቅፋ ኣብ ማእከላ
ኣኽራናት ሓወልቲ ዓደቦ ጋባ ዝኸበባ
ጎይታ ኣዶባሓ ሰታይ ማይ ዓንሰባ ምስጻባ
ንስካዶ ትወድቅ ኣብጸበባ

ወዲ ባርካ ዶክብል ጎይታ ጎልጎል ሳዋ
ጎይታ በጋይት ወዲ ሕዳረብ ሃረንዳዋ
ጎይታ ማሓዝ ባርካ ዓካት ምስ ባናና
ንዕዳጋ ይኸይድ ትጻዒኑ ብማኪና
እንታይ የእተወካ ናብ ልመና

ወዲ ጋሽ ዶክብል ጎይታ ሕርሻ
ተቀባሊ ጋሻ ጸባን ጠስሚን ዝብሎ ሃነን
ቦታኻ ዝርከቦ ሓርማዝ ኣንበሳ
ካብ መጹኻስ ኣጋይሽካ ሱቅ ኢልካ ተቀበል
ንሶም ኣይበደሉን ህግድፍ እንበር

ወዲ ሰምሃር ዶክብል ጎይታ ቀይሕ ባሕራ
ወናኒ ጨው ምጽዎዕ ቀላይ ቀዩሕ ባሕሪ
ናብራኻ ምስ ዓሳ ነባሪ ስለምንታይ ጠምየትብለኒ
ጨውካ ሸጥካ ዘይትበልዕ ሩዝ ምስ ባኒ
ንብረተይ ዘይትብሎ ኣረክበኒ

ወዲ ደንከል ዶክብል ምስ ዓሳ ነባሪ
ሓላዊ ወሰን ንጸላኢ ተካላኽሊ
ዓሳኻ ምልዮናት ዶላራት ዘፍሪ
ነዓኻ ጸጊብካ ነዓይ መጽገብካኒ
ዓጢቅካ ኣሎኹ በለኒ

ክሳዕ መዓስ ክንጽበ ዓቅሊግርና
ተኣኪብና ነጋሪትና ሃሪምና
ንመላኽ ንደርቢዮ ናብ ዑና
ሹው ቀሲና ንነብር ምስ ህዝብና
ክነስተማቅሮ ናጽነት ምስ ሓርነት
ሓሊና መሰል ቢሂራትና
ኣስላማይ ክስታናይ ብዘይ ኣፋላላይ
ጉሒፍና ንህግደፍ ጥልማይ

ሰዓብቲ ህግድፍ ግዝየኹም ተጠቀሙሉ
ኣብ ሳኒ ተቃወምቲ ዶው በሉ
ንህግድፍ ፈሊጥኩምዎ ኣለኹም ኣመሉ
እንቢ ንምልኪ ክትብሉ ግዚኡ ኣኺሉ

ዘለኣለማዊ ዝኸሪ ንጀጋኑ ስዋኣትና
ዓወት ንደሞክርስያዊ ቃልስና
ውድቀት ንጃንዳ ህግድፍ
ሓምለ 08 07 2009